# ድምጺ ንምሃብ ብኸመይ ትምዝገብ

## ንምንባብ ቀሊል ዝኾነ መምርሒ




Tigrinya | ትግርኛ

# ነዚ መምርሒ ብኸመይ ትጥቀመሉ





ነዚ መምርሒ ዝጸሓፎ ኮሚሽን ምርጫ ኣውስትራሊያ (AEC) እዩ። ‘ንሕና’ ዝብል ቃል እንተሪኢኹም፡ ኮሚሽን ምርጫ ኣውስትራሊያ (AEC) ማለት እዩ።




ብቐሊል መገዲ ክንበብ ብዝኽእል ኣገባብ ነዚ መምርሒ ጽሒፍናዮ ኣለና።

ንገለ ሓሳባት ንምግላጽ ስእሊታት ተጠቒምና ኣለና።




ንገለ ቃላት **ብደሚቕ** ጽሒፍናዮ ኣለና። ናይዞም ቃላት ትርጉም ገሊጽናዮ ኣለና። ዝርዝር ቃላት ናይዚኣቶም ኣብ ገጽ 16 ተጻሒፉ ኣሎ።



ነዚ መምርሒ ንምንባብ ሓገዝ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም። ዓርኪ፡ ኣባል ስድራ ወይ ሓጋዚ ሰብ ክሕግዘኩም ይኽእል እዩ።

# እዚ መምርሒ እንታይ'ዩ?

ኣብ ግዜ መረጻ ድምጺ ምሃብ 4

ንምድማጽ ምምዝጋብ 6

ካብዚ ቀጺሉ እንታይ እዩ ዝግበር? 12

ገዛ እንተቐየርኩምከ? 13

ኣብቲ ናይ መረጻ መዝገብ ድሮ እትዋት ዲኹም? 14

ተወሳኺ ሓበሬታ ብኸመይ ክትረኽቡ ትኽእሉ? 15

ዝርዝር ናይ ቃል 16

ርኽቡና 17

# ኣብ ግዜ መረጻ ድምጺ ምሃብ




ኣብ ኣውስትራሊያ ኣብ ነፍሲ ወከፍ 3 ዓመት ናይ **ፌደራል መረጻ** ይግበር።



እቲ ናይ ፌደራል መረጻ ንመላእ ሃገር ዝምልከት እዩ።



በዚ ኸምዚ ኢና ናይ ኣውስትራሊያ መንግስቲ ንመርጽ።




እቲ ጋቨርነር ጀነራል ግዜ መረጻ መዓስ ከምዝኸውን ይመርጽ።

መዓልቲ መረጻ ኣብ መዓልቲ ቀዳም እዩ ዝግበር።



ኣብቲ መዓልቲ ህዝቢ ኣውስትራሊያ **ድምጺ ይህቡ**።

ድምጺ ኣብ ትህብሉ እዋን፡ ኣካል ናይ መንግስቲ ኣውስትራሊያ ክኸውን ዘለዎ ሰብ ትመርጹ ኣለኹም ማለትዩ።




ድምጺ ክህቡ ዝግብኦም እዞም ዝስዕቡ እዮም፡

- ኣዉስትራሊያዊ **ዜጋታት** ከምኡ'ውን
- ዕድሚኦም 18ን ልዕሊኡን ዝኾኑ



ሓደ ዜጋ ዝበሃል ኣብታ ዝነብረላ ሃገር ናይታ ሃገር መሰለን ነጻነትን ዝተዋህበ ሰብ እዩ።




ምድማጽ፡ ንሃገርና መን ክመርሓ ከምዘለዎ ድምጽኻ ክትህብ ዘኽእለካ እዩ።




ቅድሚ ሕጂ ድምጺ ሂብኩም ዘይትፈልጡ እንተኾይንኩም ኣይትጨነቑ።



እንታይ ክትገብሩ ከምዝግባኣኩም ክንገልጸልኩም ኢና።

# ንምድማጽ ምምዝጋብ





ቅድሚ ምድማጽ፡ **ክትምዝገቡ** ናይ ግድን እዩ።




ክትምዝገቡ ከለኹም፡ ስምኩም ኣብ ዝርዝር ናይቶም ከድምጹ ዝኽእሉ **ኣድመጽቲ** ይምዝገብ።

እዚ ዝርዝር ኣስማት መዝገብ መረጻ ወይ **ኤለክቶራል ሮል** ተባሂሉ ይጽዋዕ።




ኣብ መዝገብ መረጻ ንምእታው ነቲ ናይ መመዝገቢ ቅጥዒ ክትመልእዎ ኣለኩም።




ዕድሜኹም ጥቓ 18 እንተቐሪቡ፡ ሕጂ ክትምዝገቡ ይከኣል እዩ።

ዕድሜኹም 18 ምስመልአ ንምድማጽ ድልዋት ኮይንኩም ኣለኹም ማለት እዩ።




ነቲ ናይ መመዝገቢ ቅጥዒ በዞም ዝስዕቡ ክምላእ ይከኣል

- ኦንላይን
- ኣብ ወረቐት




ኣብዝኾነ እዋን ክትምዝገቡ ይከኣል እዩ።

እንተኾነ ኣብ እዋን መረጻ ድምጺ ንምሃብ ቅድሚ እቲ ናይ ምዝገባ ምዕጻዉ ምምዝጋብ ኣድላዪ እዩ።




እቲ ናይ ምምዝጋብ ግዜ ካብቲ እቲ ጋቨርነር ጀነራል ናይ መድመጺ መዓልቲ ክኸዉን ዝመረጾ መዓልቲ፡ ሓደ ሰሙን ኣቐዲሙ ይዕጾ።




እቲ ናይ ምድማጽ ምዝገባ ምዕጻዉ እንተተመዝጊብኩም፡ ምድማጽ ኣይሓልፈልኩምን እዩ።

# ኣብ ኦንላይን ምምዝጋብ







ኣብ ኦንላይን ንምድማጽ ኣብ መርበብ ሓበሬታና ኣቲኹም ክትምዝገቡ ይከኣል

**www.aec.gov.au/enrol**

ኣብቲ መርበብ ምስ ኣተኹም ኦንላይን ምምዝጋብ (Enrol online) ዝበሃል መልጎም ኣሎ።




ኣብኡ ዘሎ ሕቶታት ክትምልስዎ ኣለኩም።




መንነትካ ንምርግጋጽ እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ክትሕተቱ ኢኹም:


- ፍቓድ መዘወሪ መኪና
- ፓስፖርት



ኣብቲ ናይ ምርጫዊ ምዝገባ መስርሕ ዘለዉ ገለ ሰባት ከምዝፈልጥኹም ከረጋግጹውን ይኽእሉ እዮም።



እንተደሊኹም: ክሕግዙኹም ዝኽእሉ ሰባት ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።




ምምላእ ምስወዳእኩም: ነቲ ኣቕርብ (Submit) ዝብል ሞልጎም ጠውቑ።

# ኣብ ወረቐት ምምዝጋብ




ኣብ ወረቐት ንምምዝጋብ፡ ነቲ ናይ መመዝገቢ ቅጥዒ ክትመልእዎ ኣለኩም።




ነቲ ናይ መመዝገቢ ቅጥዒ ካብዝኾነ ናይ AEC ቤት ጽሕፈት ክውሰድ ይከኣል እዩ።



ናባና እንተደዊልኩም፡ ነቲ ናይ መመዝገቢ ቅጥዒ ብኢመይል ክንልእኸልኩም ንኽእል ኢና።

ቁጽሪ ተለፎና **13 23 26**




ኣብኡ ዘሎ ሕቶታት ክትምልስዎ ኣለኩም።




መንነትካ ንምርግጋጽ እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ክትሕተቱ ኢኹም፡


- ፍቓድ መዘወሪ መኪና
- ፓስፖርት።



ኣብቲ ናይ ምርጫዊ ምዝገባ መስርሕ ዘለዉ ገለ ሰባት ከምዝፈልጥኹም ከረጋግጹውን ይኽእሉ እዮም።




እንተደሊኹም፡ ክሕግዙኹም ዝኽእሉ ሰባት ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።




ምስወዳእኩም ነቲ ቅጥዒ ፎርም ናባና ክትሰድዎ ኣለኩም።

በዚ ዝስዕብ ክለኣኽ ይከኣል፡




- በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ብፖስታ ክትልእኹ ትኽእሉ፡

  AEC

  Reply Paid 9867


  እቲ ናትኩም ዋና ከተማ

  ቴምብር ምግባር ኣየድልየኩምን እዩ።




- ናብ ናይ AEC ቤት ጽሕፈት ክትወስድዎ ትኽእሉ እንተደዊልኩምልና፡ እቲ ናይ AEC ቤት ጽሕፈት ኣበይ ምዃኑ ክንሕብረኩም ንኽእል ኢና።

  **13 23 26**




- ነቲ ቅጥዒ ስካን ጌርኩም ኣብቲ መርበብ ሓበሬታ ከተእትውዎ ትኽእሉ ኢኹም።

  **www.aec.gov.au/return**

## ካብዚ ቀጺሉ እንታይ እዩ ዝግበር?




ምስተመዝገብኩም ድሕሪ ቅሩብ ሰሙናት፡ ደብዳበ ክንልእኸልኩም ኢና።




እቲ ደብዳበ፡ ስምኩም ኣብቲ መዝገብ መረጻ ከምዝኣተኹም ዝገልጽ እዩ።



እዚ ማለት ኣብ ናይ ፈደራል ምርጫ ድምጽኹም ክትህቡ ትኽእሉ ኢኹም ማለትዩ።

# ገዛ እንተቐየርኩምከ?



ኩሉ ግዜ ገዛ እንተቐይርኩም ክትሕብሩና ንደሊ ኢና።




እዚ ነቲ ናይ መረጻ መዝገብ በብእዋኑ ክንሕድሶ ይሕግዘና እዩ።



ናብ ሓድሽ ገዛ እንተቐይርኩም፡ ሓድሽ ናይ መምረጺ ቅጥዒ ምልኡ።

# ኣብቲ ናይ መረጻ መዝገብ ድሮ እትዋት ዲኹም?



ድሮ ኣብቲ ናይ መረጻ መዝገብ እንተሊኹም ብቐሊሉ ከተረጋግጹ ትኽእሉ ኢኹም።

በዚ ዝስዕብ ክለኣኽ ይከኣል፡




- ኣብ መርበብ ሓበሬታና ርኣዩ

  **www.aec.gov.au/check**




- ደዉሉልና ባዕልና ድማ ክነጻርየልኩም ኢና።

  **13 23 26**



- ናብ ቤት ጽሕፈት AEC እንተመጺእኩም ክነጻርየልኩም ንኽእል ኢና።

# ተወሳኺ ሓበሬታ ብኸመይ ክትረኽቡ ትኽእሉ?




ብዛዕባ ድምጺ ምሃብ ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ካልኦት ክተንብብዎም ትኽእሉ ክልተ መምርሒታት ኣለዉና፡

- *ኣብ ምርጫ ዝግበረሉ ቦታ ብኸመይ ድምጺ ይውሃብ*
- *ብደብዳበ ብኸመይ ድምጺ ይውሃብ።*




ነዚ መምርሒታት ኣብ መርበብ ሓበሬታና ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም።

**www.aec.gov.au/assistance**




ቋንቋ እንግሊዝኛ ዘይኮነ ቋንቋ ንዝዛረቡ ሓበሬታ ኣብ መርበብ ሓበሬታና ኣሎ።

# ዝርዝር ናይ ቃል



**ዜግነት**

ሓደ ዜጋ ዝበሃል ኣብታ ዝነብረላ ሃገር ናይታ ሃገር መሰለን ነጻነትን ዝተዋህቦ ሰብ እዩ።




**መዝገብ መረጻ (ኤለክትራል ሮል)**

ዝርዝር ኣድመጽቲ




**ምምዝጋብ (ኢንሮል)**

ክትምዝገቡ'ከለኹም፡ ስምኩም ኣብቲ ዝርዝር ናይ ኣድመጽቲ ነእትዎ።



**ፈደራላዊ መረጻ (ፈደራል ኢለክሽን)**

እቲ ናይ ፈደራል መረጻ ንመላእ ሃገር ዝምልከት እዩ።

በዚ ኸምዚ ኢና ናይ ኣውስትራሊያ መንግስቲ ንመርጽ።



**ድምጺ ምሃብ**

ድምጺ ኣብ ትህብሉ እዋን፡ ኣካል ናይ መንግስቲ ኣውስትራሊያ ክኸውን ዘለዎ ሰብ ትመርጹ ኣለኹም ማለትዩ።



**ኣድመጽቲ**

እቶም ድምጾም ክህቡ ዝኽእሉ ሰባት።

# ርኸቡና

ሃገራዊ መቐባበሊ ኣገልግሎት (National Relay Service )

ተጠቀምቲ TTY ፡

- ተለፎን 13 36 77
- ብ 13 23 26 ሕተቱ

ምዝራብን ምስማዕን ተጠቀምቲ፥

- ተለፎን 1300 555 727
- ብ 13 23 26 ሕተቱ

ናይ ኢንተርኔት መቀባበሊ ተጠቀምቲ፥

- ናብ NRS ተራኸቡ
- ብ 13 23 26 ሕተቱ

ካልእ ቋንቋታት፥

- ተለፎን፡ 1300 720 153

**www.aec.gov.au**

**/AusElectoralCom/**

**@AusElectoralCom**

**@auselectoralcom**

ኢንፎርመሽን ኣክሰስ ግሩፕ ዝበሃል ብቐሊሉ ክንበብ ዝኽእል መምርሒ ብፎቶግራፍን ወካሊ ስእሊን ተጠቒሙ ኣዳልዩ ኣሎ።
ነቲ ስእሊታት ብዘይ ፍቓድ ምጥቃም ኣይከኣልን ይኸውን። ብዛዕባ እቲ ስእሊታት ሓበሬታ ንምርካብ ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ብጽሑ **www.informationaccessgroup.com** ናይ ስራሕ ቁጽሪ 3035-A ጥቐሱ

ብምክትል ኮሚሽነር ምርጫ ፍቓድ ዝተዋህበ፡ ካንበራ።